# ኣኽሊል ዘዳሉ ፈተና

ሰይጣን መመርታ ንኣዳም ኣብ ገነት ኤደን ፈቲንዎ። ነቲ ካልኣይ ኣዳም ማለት ንክርስቶስ ድማ ኣብ በረካ ፈቲንዎ። እቲ ኣዳም ዝተፈተነሉ ቦታን እቲ ክርስቶስ ዝተፈተነሉ ቦታን ኣንጻር እዩ። እቲ ሓደ ገነት። እቲ ሓደ ከኣ በረካ፡ ግናከ እቲ ንክልቲኦም ዝበጸሖም ፈተና ሓደ እዩ። ንሱ ከኣ ቀዳማይ ብዛዕባ ዝብላዕ፡ ከምኡውን ከም ኣምላኽ ክትኮኑ ኢኹም ዝብል ፈተና ቀዳማይ ኣዳም፡ ንክርስቶስውን ክብርታት ኩላ ምድሪ ዝናቱ ክሳዕ ዝከውን ከም ዝወሃቦ ተነግሮ።

ክርስትያንውን ኣብ ዝኾነ ቦታ ይሃሉ ማለት ኣብ በረካ ይሃሉ፡ ኣብ ከተማ ናይ ሰይጣን ፈተና ኣየቋርጾን እዩ። ሰይጣን ንከይፍትነና እቲ ዘለናዮ ቦታ ክዓግቶ ኣይክእልን እዩ። እቲ ዘለናዮ ህይወት ግና ንከይዕወት ክዓግቶ ይክእል እዩ። ስለዚ ህይወትና፡ ፈተና ሰይጣን ከይዕወት ነቒሓ ክትጋደል ይግብኣ እዩ።

ሰብ ንብልዒ ኢሉ ክነብር ምስ መረ፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ብመንፈሳዊ ጥሜት ይነብር። እቲ ኢዱ ዘርጊሑ ንህያው ዘበለ ብበረከት ዘጽግብ ኣምላኽ ብሰንኪ ምርጫና ግና ንዓና ዝከውን ምግቢ ይሰኣኖ። ኣምላኽ ስለ ዝወድኤ ዘይኮነስ፡ ንሕና ናይ ኣምላኽ በረከት ክቕበል ኢ ሉ ቅድም መንግስቱን ጽድቁን ዝደሊ ልቢ ስለዝተሳእነና እዩ። ኣዳምውን ብክብረት መሰል-ዝተሸፈነ መርገም ስለ ዝመረጸ ተኾኒኑ ካብ እግዚኣብሄር ተፈልየ። ክርስቶስ ግና እቲ ብኣቦ ዝተዋህበ ክብሪ እምበር ምድራዊ ክብሪ ስለ ዘይደለየ፡ ንሰይጣን ኣይተገዝኦን፡ ኣይሰገደንውን። (ማቴ፡4፡1-11 ዮሃ፡17፡4-5)

ንእግዚኣብሄር ክብሪ ምሃብን ኣብ ትሕቲ እግዚኣብሄር ትሕት ምባልን፡ ንፈተና ሰይጣን ኩሉ ከም ንስዕሮ ይገብረና። (ሮሜ፡16፡19-20 2ቈረ፡10፡3-5) ክብሪ እግዚኣብሄር ዝሰርቕ ዘበለ ኩሉ ግና፡ ክብሪ ስለ ዝሰረቐ ይከብር ዘይኮነስ፡ ጥራዩ ኮይኑ ከም ዝዋረድ ካብ ኣዳም እንመሃሮ ሓቂ እዩ።

ሰይጣን ነዊሕ ናይ ምፍታን ባህርይ ዘለዎ ግናከ ሓጺር ዓወታት ጥራይ ዘለዎ ጸላኢ እዩ። ሓደ ካብ ሻቕሎት ሃዋርያ ጳውሎስ ብዛዕባ ሰብ ተሰሎንቄ "እቲ ፈታኒ ፈቲንዎም ከይከውን እዩ" (1ተሰ፡3፡5)። ግናከ ንሰብ ተሰሎንቄ እቲ ፈታኒ ጥራይ ዘይኮነስ ፈቲንዎም፡ እቲ መጸናንዒውን ኣጸናኒዕዎም ስለ ዝነበረ፡ ገና ስለ እምነት ወንጌል ቀጥ ኢሎም ይጋደሉ ነይሮም። ስለዚ እቲ ፈታኒ ካብ ምፍታን ካብ ዘይዓረፈ፡ ኣመንቲውን ካብ ምግዳል ኣይንዓርፍን ኢና ማለት እዩ። ባርያ ካብ ጐይትኡ ኣይበልጽን፡ ጐይታ ካብ ተፈተነ፡ ንሕናውን ክንፍተን ብግዲ እዩ። እቲ ንጐይታን ሰዓ ብቱን ዝበጽሖም ፈተና እንተዘይበጺሕና ግና ባርያ ኣምላኽ ዘይኮንናስ፡ ናይ ካልእ ጐይታ ባርያ ምዃንና ምልክት እዩ።

ብዙሕ ግዜ ኣምላኽ ፈቲኑኒ እዩ ንብል ኢና። እንድሕር ኣምላኽ ፈታኒ ኮይኑ፡ ሰይጣንውን ፈታኒ እንተኮይኑ፡ ብምንታይ ደኣ፡ ነቲ ፍትሓዊ ኣምላኽን ነቲ ፈታኒ ሰይጣንን ንፍለዮም? ኣብ ሓደ ሚዛን

ምቕማጥናከ እቲ ናትና መዓቀኒ ፍትሓዊዶ ይከውን? ስለዚ "ኣምላኽሲ ብእከይ ኣይፍተንን፡ ባዕ ሉውን ንሓደ እኳ ኣይፍትንን እዩ እሞ፡ ሓደ እኳ ምስ ተፈተነ ኣምላኽ ፈቲኑኒ ኣይበል" (ያቆ፡1፡13) .... ስለምንታይ ደኣ ኣምላኽ ንኣብርሃም ወድኻ ይስሃቕ ሰውኣለይ ኢሉ ፈቲንዎዶ ንብል ኣሎና? ኣምላኽሲ ንኣብርሃም መኪርዎ ደኣ እምበር ኣይፈተኖን። ዕላማ ፈተና ንውድቀት ክኸውን ከሎ፡ መከራ ግና ንኣምላኽ ክንደይ ከም ንፈርሆ ንምፍላጥ እዩ። ስለዚ ድማ እዩ ንኣብርሃም "ንኣምላኽ ክንደይ ከም እትፈርህ ሕጂ ፈለጥኩ ዝተባህሎ" (ዘፍ፡22፡1,12)። ስለዚ ኣምላኽ ብእከይ ኣይፍተንን፡ ባዕሉውን ንሓደ እኳ ኣይፍትንን እዩ።

ኣብዚ ምድሪ፡ ሰብ ወላ ብዓቕሙ ይሕግዘካ እንተኾነ፡ ልዕሊ ኩ ሉ ግና ብድካምና ክድንግጸልና ዝኽእል ኢየሱስ ወዲ ኣምላኽ ስለ ዘሎና ገና ምስ ክርስቶስ ደው ኢልና ኣሎና።

ኢየሱስ ብስደት ናብ ግብጺ ከይዱ፡ ደቂ እስራኤልውን ብስደት ናብ ግብጺ ከይዶም። ኢየሱስ ክፍተን ናብ በረካ ወጺኡ። ደቂ እስራኤልውን ናብ በረካ ወጺኦም፡ ጐይታ ኣብ በረካ ኣርብዓ መዓልቲ ገይሩ። ደቂ እስራኤልውን ኣብ በረካ ኣርብዓ ዓመት ገይሮም። ጐይታ ብድያብሎስ ተፈቲኑ፡ ደቂ እስራኤል ግና ንኣምላኽ ፈቲኖሞ! ስለዚ "ነቲ ሓጥያት ህዝቢ ምእንቲ ከተዓርቕ ብናይ ኣምላኽ ዘበለ ደንጋጽን እሙንን ሊቀ ካህናት ምእንቲ ክኸውን ብኩሉ ነቶም ኣሕዋቱ ክመስል ተገብኦ። ንሱ ባዕሉ ክፍተን ከሎ ተሰቐዩ እዩ እሞ ነቶም ዝፍተኑ ክረድኦም ይኽእሎ እዩ" (እብ፡2፡17-18)። ጐይታ ነቲ ሎሚ ኩሎም ኣሕዋቱ ኣብዚ ምድሪ ኮይኖም ዝሓልፍዎ ዘለው ፈተና ስለ ዝሓለፎ ክረድኦምን ክድንግጸሎምን ይኽእል እዩ። ፈተና ሰይጣን ካብ ምድሪ ይመጽና ረድኤት ጐይታ ግና ካብ ሰማይ ይመጽና። እቲ ናይ ላዕሊ ድማ ልዕሊ ፈተና ክንነብር ገይሩና ኣሎ። ኣብ ላዕሊ ረድኤት ከም ዘሎካ ምሕሳብ ኣብ ፈተናካ ብእምነት ደው ክትብል ይገብረካ። ስለዚ ረድኤትና ገና ብልዕልናኡ ኣብ ሰማያት ኣሎሞ። ምእማንና ደኣ ነጽንዕ። (ዘዳ፡33፡26 መዝ፡121፡1-2 መዝ፡115፡3)

ህዝቢ ኣምላኽ ከይተፈተነ ዝሓለፈሉ ግዜ የለን። እግዚኣብሄር ከኣ ከይረድአ ዝሓለፈሉ ግዜ የለን። ስልጣን እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊ ፈተናታት ልዑል ስለ ዝኾነ ድማ፡ ንህዝቡ ካብ ማእከል ፈተና መንጢሉ ከውጽእ ከሎ ንርኢ። "... ነቲ ኣዒንትኻ ዝረኣያኦ ዓብይ ፈተናታት ትእምርትን ተኣምራትን ነታ ሓያል ኢድን ዝርግሕቲ ቅልጽምን እግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብእኣ ዘውጽኣካ ኣጸቢቕካ ዘክር" (ዘዳ፡7፡19) እቲ ኣብ ቅድሚ መንገድና ዝዝርጋሕ ዓበይቲ ፈተናታት ካብቲ ዓብይ እግዚኣብሄር ኣይዓብን እዩ። ነዚ ዓበይቲ ፈተናታት ክትዓሙክ እትኽእል ዝርግሕቲ ቅልጽም እግዚኣብሄር ምሳና ክሳብ ዘላ ድማ፡ ንብርትዕን ንሰግርን እምበር፡ ናብ ግብጺ (ዓለም) ኣይንምለስን። ስለዚ እግዚኣብሔር ኣምላኽና ከምዚ ዝበለ ፍቱን ታሪክ ስለ ዘለዎ ምእማንና ኣዚና ከነጽንዕ ይግብኣና (ዘዳ፡4፡34,29፡3)

- <u>ብግዜ ፈተና ጐይታ ኣይሓድገናን</u>

“ሰብ ክጸሮ ዘይክእል ፈተና ኣይበጽሓኩምን፡ <u>ኣምላክ እሙን እዩ</u> እሞ ምስቲ ፈተናኹም ምጽዋሩ ምእንቲ ክትክእሉስ መውጽኢ ገይርልኩም ኣሎ። ካብ ዓቕምኩም ንንየው ክትፍተኑ ኣይሓድገኩምን እዩ” (1ቆረ፡10፡13)

ሓደ ሓደ ግዜ ከመይ ገይሩ ነዚ ፈተና ጸይረዮ? ከመይ ገይረ ወጺኤዮ ኢልና ሓቲትና ንፈልጥዶ? እቲ መልሲ ኣምላክ እሙን እዩ ዝብል እዩ። እከለን እከሊትን ዘይእሙናት ክኮኑ ይክእሉ እዮም። ኣምላክ ግና እሙን እዩ። <u>ኣብ ዘመናት ኩሉ ዘይተለወጠ እሙንነት፡ ናይ እግዚኣብሄር እሙንነት ጥራይ እዩ።</u> (ደ.ኤር፡3፡23 መዝ፡36፡5 2ጢሞ፡2፡13) ነዚ እሙንነት ኣሚንና ድማ ነቲ ፈተናና መውጽኢ ከም ዘለዎ እምነት ንገብር። በታ ናይ መወዳእታ ኣፍ ደገ ናይዚ ፈተና ምስ ወጻእና ሓንቲ ጥቕልልቲ ብራና ንረክብ እንተ ዘርጋሕናያ፡ ከምዚ ዝብል ንረክበላ “... ግና ኣምላክ እሙን እዩ” እዚ እምንነት እዚ እቲ ክሳዕ ሕጂ ንፈተናታት ዘስግረና ዘሎ ባህርይ እግዚኣብሄር እዩ።

ካብ ዓቕምና፡ ንንየው ክንፍተን ኣይሓድገናን እዩ። ክንየው ዓቕምና፡ ዓቕሚ እግዚኣብሄር ኣሎ። ኣብቲ ካብዚ ንላዕሊ ክቕጽል ኣይክእልን ኢልና ኢድና ዝሃብናሉ እዋን እዛ ዓቕሚ (ከኣልነት) እግዚኣብሄር ጸይራትና ንሰግር ኔርና። ነቲ ጻሕ ዝበለ ምድረ በዳ-ፈተና ከመይ ገይረ ሰጊረዮ ንዝብል ሕቶና ድማ ዓቕሚ እግዚኣብሄር ዝብል መልሲ ኣለዎ። ግናከ ዓቕምና ሒደት ምኳኑ ይፈልጥ እዩ እሞ ልዕሊ ዓቕምና ክንፍተን ኣይሓድገናን እዩ።

“ጐይታ ነቶም ፈራህቲ እግዚኣብሄር ካብ ፈተና ከውጽኦም ንገበርቲ ዓመጻ ግና እናቐጽዓ ንመዓልቲ ፍርዲ ክሕልዎም ይፈልጥ እዩ” (2ጴጥ፡2፡9)

ልዕሊ ዓቕምና ክንፍተን ኣይሓድገናን እዩ ማለት፡ ኣብቲ ልዕሊ ዓቕምና ዝኮነ ፈተና፡ ካብኡ ከውጽኣና ይክእልዩ ማለት እዩ። ንመዓልቲ ፈተናና ብምጉርምራም እንተሓሊፍናየን፡ ገና እናተቐጻዕ ና ክንነብር ኢና። ኣምላክ ነቶም ፈራህቲ እግዚኣብሄር እዩ ካብ ፈተና ዘውጽኦም። ፍርሃት እግዚኣብሄር ካብ ፈተና እንወጸሉ መንገዲ እዩ። ዓመጻ ከኣ ናብ መቕጻዕቲ እንሳገረሉ መንገዲ እዩ። <u>ፈተና ብዘይ ፍርሃት እግዚኣብሄር ሞት ይወልድ ምስ ፍርሃት እግዚኣብሄር ግና ኣክሊል ዘዓሉ መስርሕ እዩ</u>። ስለዚ ነዚ ናይ ፈተና ግዜና ፍርሃት እግዚኣብሄር መሊእና እናተጠንቀቕና ክንሓልፎ የድልየና። ነቶም ክሳዕ መወዳእታ ዝጸንዑውን እግዚኣብሄር ካብዚ ፈተና ኣውጺኡ ኣብ በረኸቲ ቦታ ደው ከብሎም እዩ።

ሓደ ሓደ እዋን ፈተና ፈጺሙ ከድክመናን ከሰንፈናን ንርኢ ኢ ና። ኣብ ከምዚ እዋን ሓደ ነገር ከነቓምት የድልየና። ናብቲ እሙን ሊቀ ካህናት! “ብድካምና ክድንግጸልና ዘይክእል ሊቀ ካህናት የብልናን እሞ ብሰማያት ዝሓለፈ ዓብይ ሊቀ ካህናት የሱስ ወዲ ኣምላክ ካብ ዝህልወና ምእማንና ነጽንዕ” (እብ፡4፡14,15) ካብቶም ኣብዚ ምድሪ ዝነበሩ ሊቀ ካህናት ብሰማያት ዝሓለፈ ሊቀ ካህን የልቦን። ኢየሱስ ግና ኣሎና ክሳዕ እንብሎ ክሳዕ ክንድዚ ኣዝዩ ዓብዪ ሊቀ ካህን እዩ። እዚ ሊቀ

ካህን እዚ ጥራይ ድማ እዩ ብድካምና ክድንግጸልና ዝክእል። ስለዚ ብርግጽ እንተ ተኣሚንናዮ ንሱውን ክእመነና እዩ። እንተከሓድናዮ ግና ንሱ ንዘለኣለም እሙን ኮይኑ ይነብር። እቲ ኣብ ጐይታ ምእማኑ ዘጽንዓ። እቲ ንጐይታ ዘጽንዓን ዘበርትዓን ዘተንስኣን መንፈስ ከበርትየን ከተንስኦን እዩ። ምእማኑ ዘየጽንዓ ግና ንፈተንኡ ክሰግሮ ኣይክእልን እዩ።

- ***<u>ጸሎት ኣብ ፈተና</u>***

ጐይታ ኣብ መመርታ ኣገልግሎቱ፣ ብዛዕባ ጸሎት ዝመሃሮ ትምህርቲ "ካብ ፈተና ኣድሕነና" ኢልና ክንጽሊ እዩ። ኣብ መወዳእታ ኣገልግሎቱውን ኣብ ገተሴማኔ ንደቀመዛሙርቱ ናብ ፈተና ከይኣትው ክነቕሑን ክጽልዩን ይነግሮም። (ማቴ፡6፡13,26፡41) ኣብ ክርስትና እቲ ብቕድምን ድሕርን ፈተና እንረክቦ ሓጹር ጸሎት ዝብል እዩ። <u>ፈተና ኣብ ቅድሚ ጸሎት ተሰዓሪ ጸላኢ እዩ።</u> እቲ ብጸሎት ወርትግ እናበርትዐ ዝከይድ ኣማኒ ንመዓልትታት ፈተንኡ ብትዕግስትን ሓጐስን ይሓልፈን። እቲ ዘለዎ ኩነታት ጸልማትን ከቢድን ወላ እንተኮነ ንሱ ግና ኣብ ጸልማት ብዝግለጽ ብርሃን ንመንገዲ ብእግዚኣብሄር ይሰግር። ስለዚ ኣብ ፈተና ከይንኣቱ ክንነቅሕን ክንጽልን የድልየና።

ጸሎት ኣብ ልዕሊ ፈተና ተኣምር ዝሰርሕ ሓይሊ እዩ። <u>ኣብ ሓደ ዕጹው ቤት ኮንካ ብክፍት ልቢ እትጽልዮ ጸሎት ነዊሕ መንገዲ ተጓዒዙ ኣብ ዕጹው ነገር ኣትዩ ክዓይይ ከሎ ትርእዮ።</u> እታ ማሕበር ስለ ሃዋርያ ጴጥሮስ እትጽልዮ ዝነበረት ጸሎት ማእሰርትታት ምድሪ ሰይሩ፣ መዓጹ ኣስራዚ ከፊታ ገና ቅድሚ ጸሎት ምውድኡ መልሲ ክሳዕ ዝመጽእ እትጓይይ ሓያል ጸሎት ነይሩ። <u>ዘይጠቕማ ዝመስላ እክብካብ ቃላት ንጐይታ ስቕ ክብል ክሳዕ ዘይገብርኦ ካብ ዝፋን ኣምላክ ረድኤት ከውርዳ ትርእየን።</u>

እቲ ደስ ዘብል፣ ብዘየገድስ ኩነታትካ ኣብ ዝኮነ እዋንን ቦታን ኮንካ ብእምነት እትጽልዮ ጸሎት ኣብ እግዚኣብሄር ረድኤትን ምድሓንን የምጽኣልካ። ሽዑ ድማ ኢካ "እቲ ንጸሎተይ ዘይነዓቐ ጸግኡውን ዘየርሓቐለይ ኣምላከይ ይባረክ" እትብል። እቲ ድኩም ኢካ ኢ ሉ ዝንዕቀካ ጸላኢካ፣ በቲ ንጸሎትካ ዘይንዕቕ ጐይታ ጌርካ ትስዕሮ። ዋላኺ ኣእጋርካ ሰላሊዐ ነዕዋፍ ሰማይ ክህበን እየ ኢሉ እንተነዓቐካ፣ እቲ ኣብ ሰማያት ዝነብር ጐይታ ግና ይስሕቆ። ኣብ ቅልጽም ባርያኡ ሓይሊ ወሲኩ ድማ ግንባሩ የንህሎ። ስለዚ ዝኮነ ፈተና ይምጻእ ካብቲ ምስኦም ዘሎ ምሳና ዘሎ ስለ ዝበርትዕ ብጸሎት እናነቓሕና ብእምነት ደው ንበል።

- ***<u>ትዕግስቲ ኣብ ፈተና</u>***

ትዕግስቲ ንግዜ ፈተና እንሰግረሉ ናብራ እዩ። እቲ መንገዲ ሓደን ንጹርን እዩ። ንሱ ከኣ ጐይታ! ኣብ ትዕግስቲ ዘየለ ሰብ ንፈተና ክሰግር ኣይክእልን እዩ። እንተ እቲ ምንዋሕ መንገዲ፣ እንተ እቲ ዋጋ መስገሪ በዚሕዎም ኣብ መንገዲ ዝተርፍ ብዙሓት እዮም። እቲ ክሳዕ መወዳእታ ዝዕገስ ግና ንሱ ክድሕን እዩ። ዘልኣለማዊ ድሕነት ብፈተና ሓሊፍካ ዝርከብ ዘልኣለማዊ ርስቲ እዩ። <u>ኣብ መዓ</u>

ልትታት ፈተንኡ ኣብ ትዕግስቲ ክትርአስ ዘይመረጸ ሰብ ግና ንድሕነቱ ተዓዛቢ ጥራይ ኮይኑዩ ዝሓልፍ። እዛ ትዕግስቲ እዚኣ፡ ትዛረብ፡ ትርኢ፡ ትድህስስ፡ ትጐዓዝ፡ ትሰምዕ፡ ኮታ ህያውነታ ትገልጽ። ስለዚ ድማ እዩ መልእክቲ ያቆብ "እቲ ምፍታን እምነትኩም ትዕግስቲ ከም ዝገብር ፈሊጥኩም ብሓንቲ እኳ ከይጐደልኩም ፍጹማትን ምሉኣትን ምእንቲ ክትኮኑ፡ እታ ትዕግስቲ ፍጹም ግብሪ ይሃልዋ" ብምባል መንነት እዛ ትዕግስቲ ዝዛረብ (ያቆ፡1፡3)። ብእትገብር ትዕግስቲ ንፈተንኡ ዝሓልፎ ዘሎ፡ በቲ ኣብ ልዕሊ ምድሪ ግብርታት ምድሓን ዝገብር ዘሎ ኣምላክ ርስቲ የዳለወሉ ከም ዘሎ ክኣምን ይግብኦ። እታ ዘይትገብር ትዕግስቲ ግና ኣብ ማእከል ፈተንኣ ተዛሒጣ ከም ትተርፍ ክፈልጥ ይግብኦ። ስለዚ መመርታ ንፈተና ዝከውን ትዕግስቲ ከነጥሪ፡ እዛ ትዕግስቲ እዚኣ ድማ ፍጹም ግብሪ ከም ዘለዋ ከነስተብህል የድልየና።

"እቲ ብፈተና ዝዕገስ ሰብኣይ ብጹእ እዩ" (ያቆ፡1፡12)። ትዕግስቲ ብፈተና ተጠኒሳ ብጽእና ትወልድ ካብ ኮነት፡ በቲ ኣብ ጸጽባሕ ዝበጽሓና ዘሎ ፈተና ሓደ ሓድሽ ነገር ከም ዝበጽሓና ከይሰምበድና፡ ናብቲ ንረክቦ ብጽእና እናማዕደና ብእምነት ደው ክንብል የድልየና። ብኣንጻሩ እቲ ብፈተና ዘይዕ ገስ ሰብኣይ ኣብ ብጽእና ከይበጽሐ፡ ሲኦል ብዘይ ልክዕ ኣፉ ሃህ ኣቢላ ትጽበዮ ከም ዘላ ከስተብህል ይግብኦ። እግዚኣብሄር ንትዕግስትና ትዕግስቲ እናወሰኮ፡ ንግዜ ፈተና ጥራይ ዘይኮነስ፡ ንግዜ ራህዋውን ዝከውን ትዕግስቲ ኣብ ልብና ይሕተም።

ዋላኳ ኣብ ፈተና ዝውለድ ትዕግስቲ እንተሎ፡ ነቲ ጐይታ "ተዓገሱ" ዝበለና ቃል ምሕላው ባዕ ሉውን ካብ ፈተና ይሕልወና እዩ። ንኣገልጋሊ ፍላደልፍያ ጐይታ ዝበሎ ቃል ምስ ንርኢ "ንቃል ትዕግስቲ ስለ ዝሓለካዮ ኣነ ድማ ካብታ ነቶም ኣብ ምድሪ ዝነብሩ ክትፍትኖም ናብ ኩላ ዓለም እትመጽእ ሰዓት ፈተና ክሕልወካ እየ" (ራእ፡3፡10)። ትዕግስቲ ኣብ ማእከል ፈተና ባሕሪ ብዘይ ፈተና ክትከውን ትገብረካ እያ። ምክንያቱ ኩሉ ሰብ ዝደለዮ እናገበረ ከሎ ንስካ ብትዕግስቲ ርእስካ ሓሊካ፡ ንጐይታ ተኣሚንካዮ ኢካ እሞ እዛ ትዕግስቲ ድማ ድሮ ኣብ ዙርያካ ዓብያስ ቀጽሪ ኮይና ካብቲ ኣብ ከባቢካ ዘሎ ፈተና ትሕልወካ።

ትዕግስቲ ስእነት ዝመስል ክቡር መዝገብ እዩ። እቶም ኣብ ፈተንኦም ዝዕገሱ፡ እቲ ትዕግስቲ ኣብ መንግስቲ ክርስቶስ ቦታ የዳልወሎም እዩ። ጐይታ ንደቀ መዛሙርቱ "ንስካትኩም ግና ብፈተናይ ምሳይ እተዓገስኩም ኢኹም። ኣብታ መንግስቲ ኣብ መኣዲ ምእንቲ ክትበልዑን ክትሰትዩን ... ከምቲ ንኣይ ኣቦይ ዝመደበለይ፡ ንኣካትኩም ከኣ ኣነ መንግስቲ መደብኩልኩም" ይብለና (ሉቃ፡22፡28-30)። ምስ ክርስቶስ ዘይተዓገሰ፡ ምስ ክርስቶስ ክከብር ኣይክእልን እዩ። ክብሪ መንግስቲ ሄሮድስ ገዲፉ ምስ ክርስቶስ ኣብ ጐልጎታ ዘየለ፡ ኣብ መንግስቲ ኣምላክውን ክህሉ ኣይክእልን እዩ። ጐይታ ነቶም ብትዕግስቲ ኣብ ፈተንኡ ምስኡ ዘለው ጥራይ እዩ ኣብ መንግስቱውን ኣብ መኣዲ ምስኡ ከም ዝህልው ዝገብር። ስለዚ ትዕግስቲ ዘይብሉ ፈተና ንጐዓዝ ከይንህሉ ንርእስና ንመርምር።

- ***ኣገልግሎት ኣብ ፈተና***

ኣብ ክርስቶስ ምጽናዕና ብኣብ ደጌና ዘሎ ነገር ዘይኮነስ፡ ብኣብ ውሽጥና ጸኒዑ ዘሎ ፍቕሪ ኣምላክ እዩ። ካብዛ ፍቕሪ ድማ ህይወት ኮነ ሞት ክሳዕ ዘይፈልየና፡ ኣጸቢቕና ሰዓርቲ ክሳዕ ንከውን ከኣልቲ ኮንና ኣለና። ፈተናውን ነቲ ኣብ ውሽጥና ዘሎ ፍቕሪ ኣምላክ ክወስድ ክሳዕ ዘይክእል ልዕሊ ፈተና ንኣምላክ እናገልገልና ክንነብር ንክእል ኢና። ኣብ ማእከል ዓሚቝ ፈተና ኮንካ እትቕጽሎ ኣገልግሎት መርኣያ ናይቲ ኣብ ኣቕሓ መሬት ዝተቐመጠ ማእለያ ዘይብሉ ሓይሊ ኣምላክ እዩ። እናተጸረፍካ እትምርቕ፡ እናተሰጐግካ ክትዕገስ፡ እናተሓሜካ ክትምዕድ ከሎኻ፡ ነቲ ኣብ ማእከል ፈተና ደገ ኣገልግሎት ዘርሕው ጐይታ ተድንቕ። እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊ ፈተና ኣገልግሎት ከም ዘለዎ ድማ ትርኢ።

እቲ መጽበቢ ከጽብበልካ ኢሉ ዘዳለዎ ጸበባ፡ እቲ ጸቢብ ዘይጸቦ ጐይታ ኣብ ውሽጢ ጽበት ዝንበር ራሕቦት ገይሩ ከንብረካ ከሎ ብዙሕ ትግረም። እዚ ድማ ገና እቲ ናይ ምድሪ ስጋካ እናበሰበሰ ከሎ ንኣምላክ ከገልግሎ ኢልካ ክትቀዳደም ይገብረካ። እቲ ኣብ ፈተና ብምግልጋልካ ትረክቦ ጸጋ ድማ፡ ካብ ኣብ ኣገልግሎትካ ዝመጸካ ፈተና ይሕልወካ። ሰባት ከም ሲድራቕ ሚሳቕ ዓብደኔጎ ክትህሞክ ኢሎም ኣብ ሓዊ ምስ ደርበዩኻ፡ ኣብ ማእከል እቲ ሓዊ ኮንካ ንጐይታ ምግልጋል ክትቕጽል ከሎኻ እግዚኣብሄር ኣብ ውሽጢ ሃልሃልታ ሓዊውን ደገ ኣገልግሎት ከም ዘለዎ ትዕዘብ። ስለዚ እቲ ኣብ ከባቢና ዝመጸና ዘሎ ገና ንእሽተይ ነገር እዩ እሞ ንኣምላክ ካብ ምግልጋልሲ ኣይንዓርፍን ኢና።

ሃዋርያ ጳውሎስ ንሰብ ኤፌሶን "ብኩሉ ትሕትናን ብብዙሕ ንብዓትን ብውዲት ኣይሁድ ዝበጽሓኒ ፈተናን ንጐይታ ከመይ ገይረ ከም ዘገልገልክዎ …" ይብሎም (ግብ፡20፡19)። ኣብ ውሽጢ ኣገልግሎት ወንጌል ሰባት ኣነዓዊቦም ሓቢሮም ምስ ጨፍጨፉኻ፡ ጓሲሶም ከኣ ዳርጋ ምውት ገይሮም ምስ ደርበዩኻ… ገና ወንጌል ዘይተሰብከ ቦታ ኣሎኒ ኢ ልካ ብድድ ኢልካ ክትትንስእ፡ ነቲ ኣብ ሞት ደገ ኣገልግሎት ዝገበረ እግዚኣብሄር ተድንቖን ተመስግኖን። ኣብ ዓለም ወንጌል ክትቕበር ዘይተኳዕተ ጉድጓድ የለን። ወንጌል ከም ዝተንስኣሉ ዘመልክት ዘይተፋሕረ ጉድጓድውን የለን።

ስለዚ ኣምላክና ኣብ ጥዑም እዋን ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ማእከል ፈተና ኮይንናውን ከነገልግሎ ከም ንክእል ፈሊጥና ንዕዮ ጐይታ ዕዙዛት ንኹን። ከምቲ ኣብ ዝሞተ ማህጸን ዘርኢ ንምትካል ሓይሊ ዝሃበ፡ ኣብ ዝብስብስ ዘሎ ስጋናውን እምነት ንምትካል ሓይሊ ይህብ   እዩ።

- ***ሓጐስ ኣብ ፈተና***

ክርስትያን ኣብ ፈተና ዝሕጐስ፡ ፈተና ዘሐጉስ ስለ ዝኮነ ዘይኮነስ፡ ዝፍተነሉ ዘሎ ዕላማ ኣዝዩ ረዚን ስለ ዝኮነ እዩ። ኣብ ሕቆካ ናይ ሽመላት ስምብራት መንገዲ ሰሪሑ ከሎ፡ እናተሓጐስካ ምውጻእ

ሰመያውያን ኣጻብዕ ዝሰርሐአ ተኣምራት እዩ። እቲ ሓጐስ ነቲ ቃንዛ ስለ ዝወሓጦ ድማ ኣብ ዝማሰነ ሰብነት ሓይሊ ሓጐስ ትርኢ። እዚ እዩ እቲ ናብራ ክርስትናና።

ሓጐስ ንክርስትያን ሰሓቕ ማለት ኣይኮነን። ሓጐስ እግዚኣብሄር ሓይሊ ክርስትያን እዩ። ስለዚ ከም ናይ ጐይታ ኮንና መከራ ክንጸግብ፡ መቕጻዕቲ ዘይኮነስ ክቡር ዕጻ እዩ እሞ ኣዚና ክንሕጐስ ይግብኣና። <u>ኣብ ዓለም ዘይግብኣካ ክብረት ብምርካብ ትሕጐስ፡ ኣብ ክርስትና ግና ዘይትበቅዖ መከራ ብምርካብ ኢካ ትሕጐስ</u>።

ስለዚ ድማ እዩ ቃል እግዚኣብሄር "ኣሕዋተየ በበይኑ ዝኮነ ፈተና እንተበጽሓኩም ንኩሉ ከም ሓጐስ ቁጸርዎ" ዝብል (ያቆ፡1፡2)

ፈተና በጺሕካ ከመይ ጌርካ ንኩሉ ከም ሓጐስ ክትቆጽሮ ትክእል? ንብል ንከውን፡ ፈተናውን ንዝምልከቶም ብቁዓት እምበር ንኩ ሉ ኣይውሃብን እዩ። (ግ.ሃ.5፡41 ማቴ፡5፡11-12)

ንሕና ግና ኣውሊዕ በረካ ክነስና ብዘይግባእ መንገዲ ናብቲ ተማቕልቲ እቲ ማራ ናይቲ ሱር ዳዊት ዝኮነ ክርስቶስ ካብ ኮንና ከመይ ብፈተናና ዘይንሕጐስ? ኣብ ካልእ ቦታ ጸበባ-ጸበባ ክወልድ ክትርኢ ከሎካ፡ ኣብ ወንጌል ግና ጸበባ ሓጐስ ይወልድ። እዚ፡ መንፈስ ቅዱስ ኣብ ልብና ብዝገብሮ ምጽንናዕ ዝውለድ ሓጐስ ድማ ወርትግ ከይንዘርጐ ክንጥንቀቕ ይግብኣና። ስለዚ እዚ ሎሚ ዝበጽሓና ዘሎ ፈተና፡ ብርቱዕ ምጽንናዕ የዳልወልና ኣሎ እሞ ብጐይታ ባህ ደኣ ይበለና። (2ተሰ፡1፡4-10)

- ***<u>ሱር ኣብ ፈተና</u>***

ኣብ ክርስትና ቅድሚ ንላዕሊ ምዕባይካ ንታሕቲ ኣዕሚቕካ ትዓቢ። ጽቡቕ ጌርካ ምስ ተሰረትካ ድማ እቲ ብላዕሊ እትዝርግሖ ጨናፍር ንብዙሓት መጽለሊ ይከውን። እቲ ዓይኒ ማይ ዘለዎ ቦታ ዓሚቕ ካብ ኮነ፡ እቲ ሱርውን ኣዕሚቑ ክኣትው ብግዲ እዩ። ምንጪ ናይቲ ልዕሊ መሬት ዝርአ ብርታዔን ፍረን ድማ፡ እቲ ኣብ ትሕቲ መሬት ዝተሰርሐ ስራሕ እዩ። እቲ ኣብ ክርስቶስ መሰረት ዘይብሉ ክርስትያን ብዝመጽእ ፈተና ንየውነው እናተደፍአ ክናወጽ እዩ። ናይዚ ምድፋእ ውጽኢት ድማ ሰላም ናይቲ ሃዲእካ ምስ እግዚኣብሄር ትነብሮ ዝነበረካ ህይወት ምዝራግ ማለት እዩ። ብኣንጻሩ <u>እቲ ኣብ ጐይታ ጸኒዑ ተሰሪቱ ዘሎ ሰብ ካብቲ ብላዕሊ ዝደፍእ ንፋስን ውሒዝን፡ እቲ ብታሕቲ ጸይርዎ ዘሎ ጐይታ ስለ ዝዓቢ ጸኒዑ እዩ ደው ዝብል።</u>

ባህርይ ናይቲ መሰረት ዘይብሉ ክርስቲያን እንተርኢና፡ ነቲ ቃል ወንጌል ምስ ሰምዕዎ ብሓጐስ ዝቅበልዎ እዮም። እዚኣቶም ግና ንግዚኡ ደኣ እዮም ዝኣምኑ እምበር ሱር የብሎምን፡ ብግዜ ፈተና ከኣ ይጠልሙ (ሉቃ፡8፡13)። ናይ መመርታ ሓጐስካ፡ ነቲ ዳሕረዋይ ሓጐስ ትሕኛ ክከውን ኣይክእልን እዩ። ቅድሚ ፈተና ዘሎ ግዜ ቅድሚ ኩሉ ሰብ ዓብይካ ክትርአ ትክእል ኢካ። እዚ ዕ ብየት እዚ ግና ኣብ ቅድሚ ኣምላክ ቦክሪ ኣየስምየካን እዩ። ኣምላክ ልዕሊ እቲ ብላዕሊ ተራኢካሉ

ዘለካ ንውሓት እቲ ንታሕቲ ኣቲካዮ ዘለካ ንውሓት ስለ ዝርኢ፣ ነቲ ቀልጢፍካ ተርእዮ ዘለካ ዕብየት ኣይብህጉን እዩ። ስለዚ እቲ ፈተናን እቲ ፈታኒን ሓደ መዓልቲ ከም ዝመጹ ፈሊጥና ኣብ ክርስቶስ ሱር ሰዲድና ምስ ኵሎም ቅዱሳን ምስፍሑን፡ ምንዋሑን፡ ምዕማቑን፡ ቁመቱን እንታይ ምዃኑ ምስትውዓል ክንክእል እግዚኣብሄር ኣእምሮ ይሃበና። (ኤፌ፥3፥14-19)

## ባህርይ ፈተና

### ሀ. ብዙሕ ዓይነት እዩ

ዓይነት ፈተናታት ልብሲ ናይቲ ሰይጣን ኣብ ልዕሊ ኣመንቲ ዝውርውሮ ፈተናታት እዩ። እቲ ልብሲ ይፈላለ እምበር፡ ዕላማ ናይቲ ነቲ ክዳን ለቢሱ ዘሎ ኣካል ግና ሓደ እዩ። ንሱ ከኣ ካብ ኣብ ክርስቶስ ዘሎ ፍቕሪ ኣምላኽ ክፈልየና! እቲ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ዝፍተነሉ ፈተና ግና በበይኑ እዩ።

ዕላማ ናይ ብዙሕ ዝዓይነቱ ፈተናታት፡ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ዓይነታዊ ህይወት ምእንቲ ከይህልወና እዩ። ዓይነታዊ ህይወት ዘይብሉ ክርስትያን ድማ ኣብ ምድሪ ብክልተ መንነት ዝነብር ሰብ እዩ። ሰብ ካብ ኣምላኽ ወጺኡ ዝወሰዶ ስጋዊ መንነት፡ ብዋጋ እቲ ምስ ኣምላኽ ክህልዎ ዝግባእ ዝነበረ ዘልኣለማዊ መንነት እዩ። ስለዚ ንካልእ ጐይታ እናተገዛእና ናይ ጐይታ ኢየሱስ ክንከውን ስለ ዘይንክእል፡ ነቲ ዝመጸና ዘሎ ፈተና ብምእዛዝ ኣብ ሞንጐ ደው ከይንብል ንጠንቀቕ።

ፈተና ብዙሕ ግዜ ኣብ ህይወት እንተ ተደጋጊሙ ጓሂ ክወልድ ይክእል እዩ። እቲ ልዕሊ ኩሉ ክንጥንቀቐሉ ዘለና ግን እቲ በቲ ፈተና ዝፍጠር ጓሂ ዘይኮነስ፡ ንምንታይ ኢልና ንፍተን ከም ዘሎና እዩ። "እቲ ምፍታን እምነትኩም ብምግሃድ የሱስ ክርስቶስ ንምስጋናን ስብሓትን ክብርን ብሓዊ ካብ ዝኹላዕ ሓላፊ ወርቂ ኣዝዩ ከቢሩ ምእንቲ ክርከብ እንተ ኣድለየስ። ሕጂ ብብዙሕ ዝዓይነቱ ፈተና ጉሄኩም ብእኡ ክትሕጐሱ ኢኹም" (1ጴጥ፥1፥6,7)። <u>እቲ ፈተና፡ ናይ እምነት ፈተና እንተዘይኮይኑ፡ እቲ ርስቲውን ናይ እምነት ርስቲ ኣይከውንን እዩ።</u> እቲ ብሰንኪ ትምኒት ተስሒቡን ተሓቢሉን ዝፍተን፡ ንመንግስቲ ኣምላኽውን ብትምኒት ጥራይ እዩ ዝሓልፍ እምበር ኣይኪወርሳን እዩ። እቲ ኣብ እምነት ደው ብምባሉ ዝፍተን ዘሎ ግና፡ ዋላኳ በቲ ዓይነት ናይቲ ፈተና እንተተጐሃየ፡ እዚ እምነት ዝፈጥሮ ሓጐስ ግና ብምጽኣት ጐይታ ንምስጋናን ስብሓትን ክብርን ክኮኖ እዩ።

እቲ ሕጂ ብብዙሕ ዝዓይነቱ ፈተና እናጓሃየ ዝሓልፍ ዘሎ ክርስትያን፡ ጐይታ ሕጂ ሕጂ ምሳይ ኣብ ገነት ኣሎካ እናበለ ከጸናንዖ እዩ። ብኣንጻሩ ገና ንክርስቶስ እናበደልካ ኣብ ጐኒ ክርስቶስ ኣብቲ መስቀል ክትሰቀል ትኽእል ኢኻ። እዚ ግና ንገነት ሕጂ ከም ትህልዋ ኣይገብረካን እዩ። እቲ ሕቶ ሕጂ ስለ እምነት ክርስቶስ እትስከሞ መከራ ኣሎዶ እዩ። <u>እቲ ሕጂ ብብዙሕ ዝዓይነቱ ፈተና</u>

ዝሓልፍ ዘሎ፣ ብብዙሕ ዝዓይነቱ ምጽንናዕ ክጸናናዕ እዩ። ኣረ እቲ ምጽንናዕ ነቲ ፈተና ክሳዕ ዘረስዕ እምብዛ ዓብዩ እዩ። ስለዚ በቲ ኣብ ጸጽባሕ ዝበጽሓና ዘሎ ብዙሕ ዝዓይነቱ ፈተና ከይሰምበድና ብእምነት ጸኒዕና ደው ክንብል የድልየና።

## ለ. *ፈተና ንግዚኡ ደው ይብል*

ዕላማ ንግዚኡ ደው ዝብል ፈተና፣ ንግዚኡ እትከውን ክርስትያን ምእንቲ ክገብረካ እዩ። እቲ ንሓዋሩ ክርስቲያን ኮይኑ ክነብር ዝደሊ ክሳዕ ምስቲ ፈታኒ ዝፈላለ እቲ ፈተና ቀጻሊ እዩ። ሰይጣን ንግዚኡ ፈተንኡ ደው እንተበለ ይዳሎ ስለ ዘሎ እምበር፣ ስለ ዝገደፎ ኣይኮነን። ናይዚ ፍቱን ኣብነት ጐይታ ባዕሉ እዩ። ጐይታ ቅድሚ ምግልጋሉ እዩ ተፈቲኑ። ቅድሚ ምፍታኑ ድማ ጸይሙ! ብዙሕ ግዜ እንጸውም ምስ ተፈተንና ኢና። ግናከ ቅድሚኡ ከምዘድሊ ካብ ጐይታ ንመሃሮ ትምህርቲ እዩ። ሰይጣን ንጐይታ ሰለስተ ሳዕ ምስ ፈተኖ "ንግዚኡ ድማ ሓደጎ" ይብለና (ሉቃ፥4፥13)። ጐይታ ግና ናይ ሰይጣን ንግዚኡ ደው ምባል ከየዛነየ ብጸሎት ምንቃሕ ኣየቋረጸን።

ሰይጣን ንግዚኡ ምፍታን ዝሓድጎ፣ ንሓዋሩ ናቱ ምእንቲ ክገብረካ እዩ። እቲ በቲ ንግዚኡ ደው ዝብል ግዚያዊ ፈተና ዝተዛነየ ክርስትያን፣ ንሓዋሩ ሰይጣን ምእንቲ ክፍንዎ ዘይኮነስ፣ መከራ ናይ ባርነት ኣጸቢቑ ምእንቲ ከስተማቕር፣ ካብ ጩራ ሓርነት ክመልሶ ኢሉ እዩ። እግዚኣብሄር ግና ልዕ ሊ ፈርኦን ጥራይ ዘይኮነስ ልዕሊ እቲ ባሕሪውን ትመልክ ብርትዕቲ ቅልጽም ስለ ዘላቶ፣ ንፈርኦን ባርያ ናይቲ ዝኣተዎ ባሕሪ ክሳዕ ዝከውን ንሓዋሩ ካብዛ ዓለም ኣፋንይዎ። ስለዚ ንግዚኡ ደው ብዝብል ፈተና ደው ከይበልና፣ ብኣንጻሩ ዝበርትዐ ፈተና ይዳሎ ከም  ዘሎ ፈሊጥና ክንነቕሕ የድልየና።

# *ርስቲ (ኣክሊል) ድሕሪ ፈተና*

ኣክሊል ዝቕበል ዘበለ ኩሉ ድሕሪ እቲ ነታ ኣክሊል ዝበቅዕ ህይወት ምንባሩ እዩ። ንክርስቲያን ነፍሲ ወከፍ ፈተንኡ እተዳልወሉ ናታ ርስቲ ኣላቶ። ሰይጣን እቲ ጸበባ ምእንቲ ክሓሕየካ ይሰዶ። እቲ ጸበባ ግና ኣብ ውሽጢ ልብና ሓይሊ ተስፋ ፈጢሩ ኣብ ሰማያት ርስቲ የዳልወልና። እቶም ኣብ ጸበባ ብምእታውካ ጥፍኣትካ ዝጽበዩ ዝነበሩ ኰላቶም ድማ፣ በቲ ዘበርትዕ ጐይታ በርቲዕካስ፣ ኣገልግሎትካ ክትቅጽል ክርእዩካ ከለው፣ እቲ ቅልስ ክንየ ደምን ስጋን ምኳኑ ይርድኡ። ፈተና ንገሊኦም ኣብኡ ኣጥሒሉ ከትርፎም ከሎ "እቶም ተፈቲኖም ዝወጹ ግና ነቲ እግዚኣብሔር ነቶም ዘፍቅርዎ ዘተስፈዎም ኣክሊል  ህይወት ክቕበል እዩ እሞ እቲ ብፈተና ዝዕገስ ሰብኣይ ብጹእ እዩ" ይብለና (ያቆ፥1፥12)። እቲ ኣክሊል ነቶም ተፈቲኖም ዝወጹ ጥራይ ካብ ኮነ፣ እቶም በዚ ዝወጹ ከኣ እቶም ዝዕገሱ ጥራይ ካብ ኮኑ፣ ኣክሊልና ክንቅበል ትዕግስቲ ክንለብስ ከም ዘለና የርእየና።

ምዕጋስ መሰልካ ከም ምስኣን ይውሰድ እኳ እንተኮነ፣ ኣብ ኣምላክ ግና እዛ ትዕግስቲ እዚኣ ኣክሊል ትወልድ። ምድራዊ ኣክሊል እኳ ናቱ ክብሪ ካብ ሃለዎ፣ እቲ ሰማያዊ ዘልኣለማውን ኣክሊል ግዳ

ክንደይ ኮን ኣዝዩ ክቡር ዘይከውን። ስለዚ ፈተና ክቡር ነገርና እንተክ ፈለና፡ ክቡር ኣክሊል የዳልወልና ኣሎ እሞ ባህ ደኣ ይበለና።

ብርቱዕ ፈተና፡ ብርቱዕ ምጽንናዕ የዳሉ። እቲ ምድራዊ ስጋና እንተበሰበሰ እኳ፡ ውሽጥና ኣብ ጸጽባሕ ይሕደስ እዩ። እዚ ብርቱዕ ምጽንናዕ እዚ፡ ብርታዐ ናይቲ ዝሓለፍናዮ ፈተና ክሳዕ ዘረስዓና እምብዛ ብርቱዕ እዩ። ስለዚ ድማ ኢና ኣይንሕለልን ንብል ዘሎና። ሃዋርያ ጴጥሮስ "እቲ ምፍታን እምነትኩም ብምግሃድ የሱስ ክርስቶስ ንምስጋናን ስብሓትን ክብርን ብሓዊ ካብ ዝኩላዕ ሓላፊ ወርቂ ኣዝዩ ከቢሩ ምእንቲ ክርከብ እንተ ኣድለየስ፡ ሕጂ ብብዙሕ ዝዓይነቱ ፈተና ምስ ጉሂኩም ብእኡ ክትሕጐሱ ኢኩም (1ጴጥ፡1፡6,7)። እቲ ሕጂ ብብዙሕ ጓሂ ዝሕለፍ ዘሎ ፈተና፡ ናብ ምድሪ ወዲቑ ሞይቱስ፡ ኣዝዩ ብዙሕ እንዳእቲ ኮይኑ ዓብዩ ብሓጐስ ሓፊስካዮ ክትምለስ ከሎካ ክትርኢ ኢካ። ስለዚ እዚ ብጓሂ ዝውፈር ዘሎ ግራት፡ ጽድቂ ተሰኪ ምካ ብሓጐስ የምልስ ካብ ኮነ፡ ካብቲ ዋጋ፡ እቲ ዓስቢ እምብዛ ብዙሕዩ እሞ ንተሓጐስን ባህ ይበለናን ደኣ።

ኣብ መወዳእታ፡ ርስቲ ዘለዎ ዕጻ፡ መዕረፊ ዘለዎ ጉዕዞ፡ ጻማ ዘለዎ ጻዕሪ፡ ናብራ ዘይልውጥ ምንባር፡ ሓጐሱ ዘይነቅጽ ደስታ፡ ብልዒ ዘይበልያ መዝገብ፡ ሓይሉ ዘይውዳእ ብርታዐ፡ ዓስቢ ዘለዎ ኣገልግሎት እዩ ጉዕዞ ህይወትና እሞ ብጐይታን ብጽንዓት ሓይሉን ኣዚና ንበርትዕ።

**"ብቲ ዘፍቀረና፡**
**ነብሱውን መባእን መሰዋእትን ገይሩ ዝሃበና**
**ጐይታ ኣጸቢቕና ንስዕር ኢና"**